# አገዳሲ ህዝባዊ ምልክታ/ሓቤረታ..፤ ምሸት
# ፖለቲካዊ ዘተ ምስ Dr. አስያ ዓብድልቃድር ..!!

ዝኸበርኩምን /ዝኸበርክንን ደቂ ሃገር፡ ብቀዳምነት ልባዊ ሰላምታና ይብጻሕኩም/ክን።

ቀጺልና ደጊም፡ መደብና መሰረት ብምግባር፡ Dr. አስያ ዓብደልቃድር፡ ንቀዳም ዕለት 21. 06. 2008 ዓ.ም.፡ ኣብ „Eritrean Room For Strong And United Opposition“: ጋሻና ኮይና፡ ብዛዕባ ግህሰት መሰረታዊ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ውልቀ መላኪ ሃገርና፡ ክትዛተ ክተምሲ ሒዝናልኩም ክንቀርብ ምኻና፡ ክንሕብር ንፈቱ። ስለዝኾነት፡ እዛ Room እዚኣ እትኽፈተሉ ግዜ፡ ብማእከላይ ኣውሮጳ ኣቆጻጽራ ሳዓት 20:00 ክሽውን እንከሎ፡ ሓብትና Dr. አሲያ ዓበደልቃድር መደረአ እትጅምረሉ ግዜ ግን ሳዓት 21:00 እዩ።

Dr. አስያ ዓብደልቃድር ውልቃዊ ረብሓታታ ኣብ ካላኣይ ደረጃ ሰሪዓ፣ ብቀዳማይ ደረጃ ግን ንረብሓ ህዝባናን ሃገርናን ክትብል፣ ህዝብና ካብዚ፣ ሕጋዊ መንግስቲ ምኻን ፈንፊኑ ሽፍትነት ዝመረጸ ስርዓት ውልቀ-መላኺ ሃገርና፣ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ክጋላገል ምእንቲ፣ ብትብዓት እትቃለስ ዘላ ኤርትራዊት እያ። ቀንድን መሰረታዊን ሕቶ Dr. አስያ ዓብደልቃድር ግን፣ ብሽመይ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ይረጋገጽ፡ ዝብል እዩ። ነዚ ሕቶ እዚ ንምምላስ ካኣ፡ ኣብቲ ንሳ ትምህርታ ዝወዳአትሉ (Rheinische Friedrich-Wilhelms University Bonn; Germany)፣ PHD ንኽትወስድ: ሒዛቶ ዝበረት፣ ዓሚቕ መጽናዕቲ ዝገበረትሉ፣ ኣርእስቲ፡ ቀዳማይ ነጥቢ፤ ምዕባሌን ተባዕ ተኻፋልነትን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ፣ ምርግጋጽ ልኡላውነት ሃገርን ናጽነት ህዝቢ ኤርትራን ክሽውን እንከሎ፤ ኣብቲ ካላኣይ ነጥቢ ካኣ፤ ብዛዕባ ግህሰት ሰብኣዊ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ሕብረተ-ሰብና ብሓፈሻ፣ ብዝያዳ ኻኣ፡ ኣብ ልዕለኤን ዝተገበረን ዝግበር ዘሎ ጥልመት ብውልቀ መላኺ ሃገርናን፡ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ኣብ ልዕለኤን ዝፍጸም ዘሎ፣ ከቢድ ዓመጽን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት እዩ።

ቁም ነገር ሓፍትና Dr. አስያ ዓብደልቃድር እዚ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እንታይ ዳኣ፡ መኸተና፣ ኣንጻር ውልቀ መላኺ ሃገርና፣ ክዕወት እንተ ኾይኑ፣ እቲ ዘበለጸ ስትራተጂ ናይ ሓባር ቃልሲ ተቃውሞ ደንበ እዩ፤ ዝብል ዕግበት ሰለዘለዋ፡ ኣብ ወርሒ September 2004፡ ኣብ Köln እትባሃል ከተማ ጀርመን፡ ኩለን ውድባትን ሰቪካዊ ማሕበራት ኤርትራ ኣብ ሐደ ጠረጴዛ ኮፍ ኢለን፡ ብኣግባብ ኣቃለልስኤን ከምዝዛተያ ዝገበረት ጓል ሃገር እያ። ልክዕ ኣብዚ ኣኼባ እዚ፡ ከምቲ Dr. አስያ ዓብደልቃድር ዝተመነየቶ፡ ኩላተን ውድባት ኤርትራ እኳ እንተዘይተረኽባ፡ ግን ከምዚ ዝኣመሰለ ኣኼባ ብህዝቢ ክዳሎ ከምዝኽእል፤ መራሕቲ ውድባት ኤርትራ እውን ንጠለብ ህዝቢ ክሰምዑን ክምእዘዙን ከምዘለዎም፤ ብግብሪ ዘመስከረት ተባዕ እርትራዊት እያ። ስለዚ ዘተ ምስ እዛ ብጣዕሚ ኣገዳሲት ጓል ሃገር ከይሓልፈኩም/ክን ምእንቲ፡ ኩሉኻትኩም/ክን ደቂ ሃገር ምሳና ክተምስዩ/ያ፡ ብኽብሪ ንዕድም።

ብዳሓን ምጽኡ …!!!

ካብ ኤርትራውያን፡ ኣባላት ናይ ዝተፈላለያ ውድባት፤ ሰቪካዊ ማሕበራት፤ ብውልቀ ተቃወምቲ፤ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ፓልቶክ (Paltalk)፤ ብዛዕባ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን፣ ከምኡ እውን፡ ብኣግባብ ኣቃዋውማና እንማያየጥን እንዛተን ደቂ ሃገር።
erfsauo@yahoo.com